Coptic Orthodox Patriarchate
**His Holiness Pope Tawadros II**
Pope of Alexandria and
Patriarch of the See of St. Mark
**The Papal Center**

بطريركية الأقباط الأرثوذكس
**قداسة البابا الأنبا تواضروس الثاني**
بابا الأسكندرية
وبطريرك الكرازة المرقسية
**المقر البابوي**

222 Ramses St., Abbaseya, Cairo, Egypt
٢٢٢ شارع رمسيس ، العباسية ، القاهرة ، مصر

Tel: 024822580 Fax: 0235365880 email: office@popetawadros.org فاكس: ٠٢٣٥٣٦٥٨٨٠ تليفون: ٠٢٤٨٢٢٥٨٠

*Resurrection – Tigrinya - 2023*

## ቃለ ቡራኬ ፓትርያርክ በእንተ ክቡር በዓለ ትንሣኤ

## በስመ ኣብ ወወልድ ወመንፈስ ቅዱስ ኣሐዱ ኣምላክ፣ ኣሜን!

## ክርስቶስ ተንሥአ እሙታን፡ በዐቢይ ኃይል ወሥልጣን፡

## ክርስቶስ ተንሥአ፡ በአማን ተንሥአ።

ኣብዚ ዝብዓል ክቡር በዓል ትንሣኤ 2023፡ ንኹላትኩም እንቋዕ ኣብጽሓኩም እብል። ንኽቡር በዓለ ትንሣኤ፡ ድኅሪ ነዊሕ ን55 መዓልታት ዝጸንሐ ቅዱስ ጾም ነብዕሎ። ዓመታዊ ከም እንገብሮ፡ በዓል ትንሣኤ ነብዕሎ። ከም እትፈልጥዎ፡ ትንሣኤ ምብዓል፡ ምብዓል መሠረት እምነትና ኢዩ። እዚ ምብዓል ትንሣኤ እዚ፡ ምብዓል ክርስትናን ምብዓል እምነት ብኽርስቶስን ኢዩ። ስለዚ፡ ትንሣኤ መዓልታዊ ኣብ ጸሎተ ንግሆ ሾብዓተ ሰዓታት ጸሎት ነብዕሎ። ብተወሳኺ፡ ሰሙናዊ ብሰንበት መዓልቲ ነብዕሎ። ምኽንያቱ፡ መዓልቲ ትንሣኤን መዓልቲ ብርሃንን ስለ ዝኾነ። ከምኡ'ውን ወርኃዊ ዕለት 29 ብሓሳበ ድሜጥሮስ፡ ነብዕሎ። እዚ ዝክር ብሥራት፡ ልደትን ትንሣኤን ኢዩ። ዓመታዊ ድማ፡ ኣብ ክቡር በዓለ ትንሣኤ ነኽብሮ። በዓለ ኃምሳ ከም እንብለን፡ ን50 መዓልታት ይጸንሕ። ብርግጽ፡ ህያብ ትንሣኤ ኣብ ሕይወት ደቂ ኣዳም ብዙኅ'ዩ። ሓደ ካብቶም ሃብታም ህያባት ትንሣኤ ጐይታና ክዛረብ ምደለኹ። እዚ ህያብ እዚ፡ ህያብ እወታዊ ኣረኣእያ ሕይወት'ዩ።

እግዚኣብሔር ንዓይኒ ወዲ ሰብ ክፈጥር ከሎ፡ ንመርኣዪ ክፍሊ ኣካላት ጌሩ ፈጠራ። ህልውን መጻእን ምእንቲ ክርእየሉ፡ ኣብ ገጹ ክልተ ኣዒንቲ ፈጠረሉ እምበር፡ ንኅሉፍ ምእንቲ ክርኢ፡ ኣብ ድኅሪቱ ዓይኒ ኣይፈጠረሉን። ንወዲ ሰብ፡ ወትሩ ንቕድሚት ምእንቲ ክርኢ ፈጠረሉ። ዋላ'ኳ ኵላትና ሓደ ቅርጸ ዓይኒ፡ ንሱ ድማ ሥነ ስራሐ ክፍለ ኣካላትን ሥነ ኣካላውን ቅርጺ እንተ ሃለወና፡ ንሓደ ነገር ኣብ ኣረኣእያና ግና ካብ ሰብ ናብ ሰብ ፍልልይ ኣሎ። ብኸምኡ ኣገባብ፡ እወታዊ ኣረኣእያ ወዲ ሰብ፡ ብሠለስተ ጠባያት ይምደብ።

እቲ ቀዳማይ ጠባይ፡ ክውንነታዊ ኣረኣእያ ምውናን'ዩ። ንነገራት ከም ክውንነቶም፡ ድሩትነቶም፡ ቅርጾም ደኣ እምበር፡ ብፍንጣዝያ ኣይርእን። ከምኡ ድማ፡ ኣብ ብክዉንነት ይርአ። ኣብ ቅድሚ ሰብ ንጹርን ካልእ ትርጉም ዘይብሉን'ዩ።

እቲ ካልእ እወታዊ ጠባየ ሕይወት ከኣ፡ ርኅሩኅ ምልከታ ምህላው ኢዩ። እዚ ማለት፡ ኵርናዕ ጠመተ ደቂ ሰባት፡ ግብረ ርኅራኄ ክህልዎ ኣሎዎ። ምኽንያቱ፡ ኣንጻር ርኅራኄ ጭካነ ስለ ዝኾነ። ኣብዛ ዓለም ጭካነ ብዙኃት ልብታት ብሒትዎም ይርከብ። ብኸምዚ፡ እዚ ኣረኣእያ እዚ፡ ኣረኣእያ ደቂ ሰባት ኣይኰነን።

ካልእ መዳይ ኣረኣእያ ድማ፡ ሓቛፋይ ምስ ዝኸውን ደኣ እምበር፡ ዘይምሉእ ኣረኣእያ ክኸውን የብሉን። ከም እትፈልጥዎ፡ ብዛዕባ ገለ ቍራቦ ማይ ዘሎዋ ብኬሪ፡ ክንዛረብ እንከሎና፡ እዛ ብኬሪ እዚኣ ፍርቃ ምልእቲ ድያስ ወይስ ፍርቃ ጥርኃ? ገሊኦም ፍርቃ ማይ ዝመልአት ብኬሪ ክርእዩ ከሎዉ፡ እወታውን ሓቛፋይን ምልከታ'ዩ። ገሊኦም ድማ ከም ፍርቃ ጥርኃ ብኬሪ ይርእዩ። እዚ ድማ፡ ኣሉታዊ ምልከታ'ዩ።

እዞም ጠባያት እዚኣቶም ማለት፡ ኵውንነታዊ፡ ርኅራኄኣውን ሓቛፋይ ምልከታትን ኢዮም። እዚኦም ኵሎም ተደሚሮም፡ እወታዊ ኣረኣእያ ሕይወት የመልክቱ። ገለ ምሳሌታት ካብ ሥቕለትን ትንሣኤን ክህበኩም'የ።

ክልተ ሓዋርያት፡ ክልቲኦም ብክርስቶስ ዝተጋርዩ፡ ዮሓንስን ይሁዳ ኣስቆሮታውን ነበሩ። ክልቲኦም ትምህርቲ ክርስቶስ ዝሰምዑን፡ ተኣምራቱ ዝረኣዩን ኲዩኖም ምስኡ ነበሩ። ብርግጽ ድማ፡ ኣብ ሞንጐኦምን ኢየሱስን ዝርርባት ነበረ። ፍቁር ዮሓንስን እወታዊ ኣረኣእያን ምልከታ ሕይወትን ነበሮ። ብኸምዚ ድማ፡ ምስ ክርስቶስ ጐይታና ጥቡቕ ዝምድና ብምህላዉ፡

ክሳዕ ቀራንዮ መስቀልን መጋባእያን ክሰዕቦ ንርኢ። ርእሱ ኣብ ኣፍልቢ ጐይታ ብምግባሩ ሓጐስ ክሰምዖን፡ ንርእሱ “እቲ ክርስቶስ ዘፍቅሮ ወዲ መዝሙር” ክብል ይጠቕስ። (ዮሓ. 19፡26) ብኣንጻሩ፡ እቲ ቀኣሳዊ ምልከታ ዝነበሮ ይሁዳ ኣስቆሮታዊ፡ ኣሉታዊ ምልከታ ክህልዎ ከሎ፡ ነቲ ንድኅነት ዓለም ዝመጸ ክርስቶስ ከም መድኃኒ ኣይርእዮን። ከምኡ ድማ፡ ቀኣሳውን ምድራውን ምልኣተ ድልየቱ ስለ ዘይረኸበሉ፡ ንጐይታኡ ብሠላሳ ብሩር ሸጦ። ኣብ መወዳእታ፡ ገዛእ ርእሱ ሓነቐ። ሞተ። ዘለኣለማዊ ውርሻኡ ድማ ከሰረ። ክልቲኦም ኣብ ሕደ መዓርግ'ዮም ኔሮም። እቲ ሓደ እወታዊ ኣረኣእያ ክህልዎ ከሎ፡ እቲ ካልእ ድማ ኣሉታዊ ኣረኣእያ ነበሮ።

ካልእ ኣብ እዋን ሥቕለት ከም እንርእዮ፡ እቶም ክልተ ሽፋቱ'ዮም። ንሳቶም ድማ እቲ ኣብ ጸጋማይ ወገን ክርስቶስ ዝነበረ ሽፍታን፡ እቲ ኣብ የማናይ ወገን ክርስቶስ ተሰቒሉ ዝነበረ ሽፍታን'ዮም። ገበነኛ ኢሎም ስለ ዝሓሰብዎ፡ ምስ ክርስቶስ ክልተ ሽፋቱ ሰቐሉ። እቲ ኣብ ጸጋም ዝነበረ ሽፍታ፡ “ንስኻ ክርስቶስ እንተ ኴንካስ ንርእስኻን ንዓናን ኣድኅን…”(ሉቃ. 23፡39) “ዘሎና ቃንዛን ዘሎናዮ መስቀልን ኣርሕቀልና … ” ዝብል ነዊሕ ዝርርብ ክገብር ከሎ፡ እቲ የማናይ ሽፍታ ድማ ናቱ ምልከታ ነበሮ። ኣብ ሕደ ኵነት፡ ኣብ ሕደ ግዜ፡ ኣብ ሕደ ምልከታ፡ እቲ የማናይ ሽፍታ እወታዊ ኣረኣእያ ነበሮ። “ንሕናንስ ብሓቂ ብግብርና ዝግብኣና ተፈደና” ድኅሪ ምባል፡ ናብ ክርስቶስ እናረኣየ ድማ፡ “ጐይታይ፡ ብመንግሥትኻ ክትመጽእ ከሎኻ ዘክረኒ” በለ። (ሉቃ. 23፡42) እዚ ሓረግ እዚ፡ ኣገላልጻ ጸሎት፡ ንስሓ፡ ልመናን ተስፋን ኢዩ። ክርስቶስ ድማ ኣብ መወዳእታ ዕምረ ሕይወት እቲ የማናይ ሽፍታ ተቐበሎ። “ሎሚ ኣብ ገነት ምሳይ ከም እትኸውን ብሓቂ እብለካ ኣሎኹ” ድማ በሎ። (ሉቃ.23፡43) እዚ ምስሊ እዚ፡ ንብዙኃት ምሳሌታትን እወታዊ ኣረኣእያ ሕይወት ይጥቀስ።

ስለዚ፡ ፍቑራተይ እወታዊ ኣረኣእያ ይሃልወና። እወታዊት ዓይኒ፡ ንዅሎም ፍጻመታት ዕለታዊ ሕይወት፡ ዕዮ፡ ኣገልግሎትን ስድራ ቤትን፡ ብእወታ'ያ ትምልከት። ብዛዕባ ዅሎም እዞም ፍጻመታት እዚኦም፡ እወታዊ ኣረኣእያ ክህልወና ይግብኦ። እዚ ድማ ጽልዋ፡ ክቡር ትንሣኤ ኣብ ሕይወት ደቂ ሰባት'ዩ። ንልቦናኻ ሓፍ ብምባል፡ ወትሩ “ኦ ጐይታ በጃኻ፡ ሓቂ፡ ጽባቐን እወታውያን ነገራትን እትርኢ እወታዊት ዓይኒ ሃበኒ”፡ “ካብ ኣሉታዊ ወይ ድማ ጸቢብን ምልከታን ኣድኅነኒ” በል። እዛ ዓይኒ እዚኣ፡ ወትሩ ሕማቕ ጥራኅ እትርኢ ዓይኒ ኢያ። ሕይወት ኣብ ኲሉ ጽቡቕ ነገር፡ ሰፊሕ ጽባቐ ኣሎዋ።

ነዚ መልእኽቲ ናባኹም እዚ ምስዳደይ ሕጉስ'የ። ግብጻዊት ቤተ ክርስቲያንን ቅዱስ ሲኖዶስን ብምውካል፡ ካብ ልቢ ዝነቐለ እንቋዕ ኣብጽሓኩም እብል። እዚ ካብ ግብጺ፡ ኣብ ምሉእ ዓለም ዝርከባ ናብ ኲለን ሃገረ ስብከተታን፡ ኣብያተ ክርስቲያናት፡ ገዳማት ዘቕርቦ'ዩ። ንዅላቶም ፍቑራት ኣኅዋተይ ኣቦታት ሊቀ ጳጳሳት፡ ጳጳሳትን፡ ካህናት ኣቦታት፡ መነኰሳት ኣበው፡ መነኰሳዪታት ኣደታት፡ ሰበኻ ጉባኤታት፡ መንእሰያት፡ ኣገልገልቲ ድያቆናት፡ ኲሎም መእመናንን ሕፃናትን እንቋዕ ኣብጽሓኩም እብል። ኣብ ዘዘሎኹሞ ቦታታት ከም እኒ ኤውሮጳ፡ ኣፍሪቃ፡ ኤስያ፡ ሰሜን ኣመሪካ፡ ደቡብ ኣመሪካን ኣውስትራልያን እንቋዕ ኣብጽሓኩም እብል። ንዅላትኩም እንቋዕ ኣብጽሓኩም። እዚ ሰላምታ ድማ፡ ምእንቲ ወትሩ ክንሕጐሱን እወታዊት ዓይኒ ኣብ ሕይወት ወዲ ሰብ ኲሉ ዕዮን ኲሉ ፍጻመን ክህበኩም ኢሉ ነቲ ካብ ምዉታን ዝተንሥአ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ዝልምኑ ኣብጽሕ። ንኣምላኽና ምስጋናን ክብርን፡ ካብ ሎሚ ክሳዕ ዘለዓለም ይኹኖ። ኣሜን። ክርስቶስ ተንሥአ፡ በኣማን ትንሥአ!